# ናብ ቫተንሪከት ብደሓን ምጹ



ቫተንሪከት ሓደ ባህ ዝብልን ተቐያያሪ ተፈጥሮ ዘለዎን ብቫተንሪከት ዝጽዎዕ ከባቢ እዩ እዚ ከባቢ ዓቢ እዩ፣ 35 x 35 ኪ.ሜ። ፈለግ ሀልገ ኦ ነቲ መልክዐ-ምድሪ ኣቛሪጹ ናብ ባሕሪ ይፈስስ። እዚ ፈለግ ብጥልቁይ መሬትን ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝርከብ መገሃጫ፣ ገፊሕ ዝቈጽሉ ክቡር ዱርን ሓሸዋማ መሬት-ሕርሻን ይዳረት። እቲ በብዓይነቱ ተፈጥሮ ንብዙሓት እንስሳን ኣትክልትን ይሰማምዖም።

ኣብ ማእከል በጻሕቲ ናቱሩም ቫተንሪከት ዝርከቡ ሓበርቲ ተፈጥሮን ምርኢትን ብዛዕባ ናይ'ቲ ከባቢ ፍሉያት የዕዋፍ፣ ዓሳን ሓሸራን ይሕብሩ። ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ክትሳተፍ፣ ነቲ ትርኢት ከተስተማቕሮን ቡን ክትሰትን ትኽእል።

ካብዚ ናብ ቫተንሪከት ክትከይድ ቀሊል እዩ። 21 ሓበሬታ፣ ድልድል-ኣጋርን ግምቢ መዐዘቢ የዕዋፍ ዘለዎም ዝብጽሑ ቦታታት። እቶም ዝብጽሑ ቦታታት ዓመት ምሉእ ብብዙሕ መገዲ ንተፈጥር ከተስተማቕር የኽእሉ። ክትሕምብስ፣ ስጋ ክትጠብስ፣ ብእግሪ ክትዛወርን የዕዋፍ ክትርእን ትኽእል።

ኣብ 2005 ናይ ክሪስትያንስታድ ቫተንሪከት ባዮስፊየር ኣከባቢ (ህይወታውያን ነገራትን ኣከባቢኦምን) ተሰምዩ። ካብ ሽዑ ጀሚሩ ቫተንሪከት ንዘላቒ ምዕባለ ከም ናይ ኣከባቢ ኣርኣያ ኰይኑ የገልግል ኣሎ- "ንተፈጥሮን ሰብን ጽቡቕ"! ኣብ ምሉእ ዓለም 700 ባዮስፊር ኣከባቢ ኣሎ። ሽውዓተ  ካብኦም ኣብ ሽወደን ይርከባ። ቫተንሪከት እቲ ዝነውሔ ዕድመ ዘለዎ ካብ ምሉእ ሃገር እዩ።

Naturumsvägen 2, 291 59 Kristianstad   ተለፎን 044-13 23 30   vattenriket.kristianstad.se   Naturum Vattenriket